Fred Hutch Cancer Center

# ኣገልግሎት ኣስተርጓሚ

**ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎታት ኣስተርጓሚ**

ሰዓታት፦ ሰኑይ – ዓርቢ፣ ካብ ሰዓት 8:30 ቅድሚ ቀትሪ – ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቀትሪ

ስልኪ፦ 206.606.6419
ኢመይል፦ interpreter@fredhutch.org
ወይ Evelyn Guerra ኣብ eguerra@fredhutch.org

**ብቑዓት ሕክምናዊ ኣስተርጓምቲ ምቕራብ**

ኣብ Fred Hutchinson Cancer Center(ማእከል መንሸሮ ፍሬድ ሃቺንሰን)፣ ማዕረ ተበጻሕነት ክንክን ጥዕና ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ንኣምን። ሓደ ካብቲ ንሰባት ክንክን ክረኽቡ እንሕግዝሉ መገዲ፣ እንግሊዝኛ ናይ መጀመርያ ቋንቋኹም እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ጸማም ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ምስ ዝህልወኩም ነጻ ኣስተርጓሚ ብምሃብ እዩ።

ንስኹምን ሓኪምኩምን ክትረዳድኡ ከም ዘለኩም ንፈልጥ ኢና። ስለ'ዚ ድማ'ዩ ኣብ ኩሉ ቦታታት Fred Hutch(ፍሬድ ሃች) ብቑዓት ሕክምናዊ ኣስተርጓምቲ ብልዕሊ 100 ቋንቋታት፣ ብቴሌፎን፣ ብቪድዮ ወይ ብኣካል መእተዊ እንህብ። እዚ ንሕሙማትና ዝኸውን ነጻን ወጻኢታት ዘይብሉን ኣገልግሎት እዩ።

ህጹጽ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙኩምን ቅልጡፍ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘድልየኩምን ናብ 911 ደውሉ።

**ኣብ Fred Hutch(ፍሬድ ሃች) ንቆጸራይ ብኸመይ ኣስተርጓሚ ክሓትት እኽእል?**

በጃኹም ኣብ ክሊኒክ Fred Hutch(ፍሬድ ሃች) ንቆጸራኹም ኣስተርጓሚ እንተድኣ ኣድልዩኩም ኣፍልጡና። ንሕሙማት ወይ ኣባላት ስድራቤት እንግሊዝኛ ዘይዛረቡ ኣስተርጓሚ ክንረክብ ንኽእል ኢና።

**ኣስተርጓሚ ኣብ ቆጸራይ ብኸመይ ይጽንበር?**

<u>ኣብ ክሊኒክ ዝግበር ቆጸራታት፦</u>
ድሮ ኣብ Fred Hutch(ፍሬድ ሃች) ሕሙም እንተኾንኩም፣ ኣብ እዋን ምዝገባ ብዝሃብኩምዎ ሓበሬታ መሰረት ብኡ ንብኡ ኣስተርጓሚ ይምደበልኩም። ብሓደ ኻብዞም ሰለስተ መገድታት ብሓደ ኣስተርጓሚ ክምደበልኩም እዩ፦

- ብኣካል – እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ክፍሊ ምሳኹም ኣብ ቆጸራኹም ይህሉ
- ብቴሌፎን –እቲ ኣስተርጓሚ ብስልኪ ኣብቲ ቆጸራ ይጽንበር
- ብቪድዮ ጻውዒት – እቲ ኣስተርጓሚ ኣብቲ ቆጸራ ብቪድዮ (ምስ FaceTime ወይ WhatsApp ዝመሳሰል) ይጽንበር፣ ግን ውሑስ እዩ

<u>ናይ ቴሌሄልዝ ቆጸራታት፦</u>
ናይ ቴሌሄልዝ ቆጸራ ምስ ዝህልወኩም ምስ ሓኪምኩም ኣብ ዝግበር ናይ ዙም ጻውዒት ኣስተርጓሚ ክውሰኽ ይኽእል እዩ።

**ብስልኪ ተርጓሚ ምስ ዝህልወኒ ንFred Hutch(ፍሬድ ሃች) ከመይ ገይረ ክድውል እኽእል?**

ንFred Hutch(ፍሬድ ሃች) ምስ ተርጓሚ ብስልኪ ክትድውሉ እንተ ደሊኹም፣ ከምኡ'ውን ኮርያኛ፣ ማንዳሪን፣ ሩስያኛ፣ ስፓንሽ ወይ ቬትናምኛ ትዛረቡ እንተኾይንኩም፦

- ናብ 855.670.9798ደውሉ ከምኡ'ውን ንቋንቋኹም ስምዑ (ንኣብነት፣ "ንስፓንሽ '1' ደውሉ")

- ነቲ እትሰምዑዎ መምርሒታት ተኸተሉ

ናብ Fred Hutch(ፍሬድ ሃች) ምስ ኣስተርጓሚ ብስልኪ ክትድውሉ እንተ ደሊኹም፣ ከምኡ'ውን ኮርያኛ፣ ማንዳሪን፣ ሩስያኛ፣ ስፓንሽ ወይ ቬትናምኛ ዘይኮነ ቋንቋ ትዛረቡ እንተኾይንኩም፦-

- ናብቲ ብሓኪምኩም ወይ ብነርስኹም ዝተዋህበኩም ቁጽሪ ደውሉ ወይ ናብ 855.557.0555 ደውሉ፣ ምስ ተሓተትኩም ድማ፣ ናብ ኦፕሬተር ንምብጻሕ "0" ደውሉ።
- ብእንግሊዝኛ "ኣስተርጓሚ" በሉ
- እቲ ዘድልየኩም ቋንቋ በሉ
- ሓደ ኣስተርጓሚ ኣብቲ ጻውዒት ክጽንበር እዩ

**ጸማም እየ ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ኣለኒ። ከመይ ጌረ ኣስተርጓሚ ክረክብ እኽእል?**

ምስ ናይቲ ከባቢ ትካላት ብምትሕብባር ንጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ሕሙማት ብኣካል ኣስተርጓምቲ ንህብ። ብቪድዮ ጻውዒት እውን ርሑቕ ምትርጓም ክንገብር ንኽእል ኢና። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣስተርጓምቲ ንንጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ሕሙማት፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ኣስተርጓምቲ ብ 206.606.6419 ደውሉ።